Tigrinya | ትግርኛ

homes victoria

VICTORIA State Government | Families, Fairness and Housing

## ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳግም ሕንጸት

# ናይ ማሕበረሰብ ጋዜጣ

**ታሕሳስ 2023**





*ነቲ ኣብ ካርልተን ዳግም ዝህነጽ ዝነበሮ ኽልተ ጡረታ ዝወጸ ፓላሶታት "ቀይሕ ጡብ" ካብ ላዕሊ (ሰማይ) ዘርኢ ምስሊ*

**ኣብዛ ሕታም እዚኣ ኣብ ካርልተን ንመጀመርታ ግዜ ዝተገብረ ናይ ፓላሶታት ዳግም ህንጸት ከምኡውን ነቲ ኣብ ፕራሃን፣ ሳውዝ ያራ ፖርት ሜልበርን ከምኡውን ሃምፕተን ኢስት ዝርከብ ናይ ዓብዪ ኣባይቲ ህንጸት ምቕጻል ዘአማሰለ ናይ ሓደስቲ ኣባይቲ ምስራሕ መደብ ትጽብጽብ። እዚ ኹሉ ንብዙሓት ቪክቶርያውያን ብዙሕን ዝሓሸን ኣባይቲ የብጽሓሎም።**

**ብተወሳኺውን ናይ ተኻረይቲ ድምጺ ነቲ ናይ ፓላሶታት ዳግም ህንጸት ብኸመይ ኣበርክቶ ኸም ዝገበረ ንሸፍን ኢና።**

## ተወሳኪን ዝሓሸን ህዝባዊ ኣባይቲ ኣብ ካርልተን

ቀዳማይ ሚኒስተር ኣንቶኒ ኣልበኒዝን ቀዳማይ ሚኒስተር ነበር ዳንኤል ኣንድሪውን ነቲ ኣብ ካርልተን ዝነበረ ጡረታ ዝወጸ ፓላሶታት ህዝባዊ ኣባይቲ ዳግም ንምህናጽ መደብ ከም ዘለዎም ኣፍሊጦም ኢዮም። እዚ ፓላሶታት እዚ ኣብቲ ፕሮግራም ዳግም ዝሕነጹ ናይ መጀመርታ ፓላሶታት ኢዩ ብ2028 ድማ ክዛዘም ኢዩ።

እቲ ኣብ ኩርናዕ ጐደናታት ኒኮልሰንን ኤልጂንን ዝርከቡ ህንጻታት ካርልተን ቀይሕ ጡብ ካብ 1960ታት ኣትሒዙ ዝነበረ ኾይኑ ካብ 2021 ኣትሒዙ ኸኣ ምስ ዕድመ ብዝተተሓሓዘ ናይቲ ህንጻ ስርዓት ምብልሻው ምኽንያት እቶም ተኻረይቲ ናብ ካልእ ቦታ ንኽግዕዙ ደገፍ ተገይሩሎም እዩ።

እዚ 196 ሕንጻታት ኣብዚ እዋን እዚ ንናይ ምንባር ዕላማ ዘይበቅዕ መንበሪ ስለዝኾነ ብዘመናውን፣ ጸዓት ዝቈጻጸርን ብቐሊሉ ዝርከብን ኣባይቲ ኽትካእ እዩ፣ እዚ ድማ እንተ ወሓደ 16% ዝያዳ ህዝባዊ ኣባይቲ ከብጽሕ እዩ።

**መጀመርታ 2024**
ተሳትፎ ማሕበረሰብ (ቀዳማይ ራእይ)

**2024**
ቦታ ናይ ምድላው ስራሕቲ

**2024**
ናይ ማሕበረሰብ ተሳትፎ ኣብ ንድፊ

**2025**
ሕንጸት ዝጅምረሉ

**2028**
ዝተሰርሐ ሓደሽቲ ኣባይቲ

ሆምስ ቪክቶርያ ነቶም ደቂ ኣባትን ባህላዊ ሓለውቲ እዚ መንበሪ እዚ ዝህነጸሉ ዘሎ መሬት ኣፍልጦ ይህብ። ነቶም ጥንቲ ዝነበሩን ሕጂ ዘለውን ሽማግለታት ኽብሪ ንህብ።

# ድምጺ ተኻረይቲ ነቲ ዳግመ ህንጸት ነዋሕቲ ፓላሶታት ይመርሖ



## ብዛዕባ ምምሕያሽ ርክባት ናይ ተኻረይቲ ገምጋም

ናይ ፔቪንግ ዘ ዌይ ፎርዋርድ (Paving the Way Forward) መደብ ኣብ ፍለሚንግተንን ኖርዝ ሜልቦርን ብዛዕባ መራኸብን ናይ ተኻረይቲ ድምጽን ንምግምጋምን ንምምይያጥን ዋዕላ ኣዳልዩ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ እቲ ትኹረት ኣብ ናይ ምግዓዝ ከይዲ ምድጋፍ እዩ፣ ማለትውን እንታይ ሓበሬታ ኽወሃብ ከም ዘለዎ፣ ብኸመይ ከም ዝትርጐም ከምኡውን ንማሕበረሰብ ብኸመይ ብዝበለጸ መገዲ ሓበሬታ ኽም እትህብ ብምምርማር ነቲ ናብ ካልእ ቦታ ንምግዓዝ ዝግበር መስርሕ ምድጋፍ እዩ።

## ንዓኻ ዘገድሰካ እንታይ እዩ? ናይ ማሕበረሰብ ስርዓታት ብሓባር ምንዳፍ

ድምጺ ተኻረይቲ ኣብ ንድፍን ምብጻሕን ፕሮጀክት ዳግም ህንጸት ነዋሕቲ ፓላሶታት ኣገዳሲ ግደ ኣለዎ። ስለዚ ኸኣ ኢና ስርዓታት ንምቛም ምስ ተኻረይቲ እንዘራረብ ዘለና። ስርዓታት ኣቐዲምካ መደብ ምውጻእን ኣብ እዋን ህንጸት ዘሎ ናይ ተኻረይቲ ናይ ምግዓዝ መሰልን ናብ ሓደስቲ ኣባይቲ ምምላስን ይመርሕ።

ኣብዚ ቐረባ ግዜ ኣብ ኵሉ እቲ ፓላሶታት ምስ 100 ዝኾኑ ተኻረይቲ ዓውደ መጽናዕቲን ምይይጥን ገይርና ኢና። ብዛዕባ እቲ ንዓኻትኩም ዘገድሰኩም ስነ ምግባራዊ ስርዓታትን ብኸመይ ብሓባር ከም እንዓዪን ቀዳምነት ክንህቦ ዘሎና ውጽኢትን ዝገልጽ ዝተፈላለየ ጕዳያት ብዙሕ ሓሳብ ሰሚዕና ኢና።

ኣብ መጀመርታ 2024 ምስ ኵሎም ተኻረይቲ ኾነ ምስቶም ኣብ እቲ ከባቢ ዘለዉ ማሕበረሰባት ኣብ ሓደ ንድፊ መሰረታዊ ስርዓታት ክንመያየጥ ኢና።

ብዛዕባ እቲ ኣብ ኸባቢኻ ብዛዕባ ስርዓታት ተሳትፎ ዘሎ ፍጻመታት ፍለጥ።

ናብ **homes.vic.gov.au/high-rise-redevelopment-community-engagement** ብጸሕ

**ሕዳር 2023**

ምስቶም ኣብ ማሕበረሰብ ግደ ዘለዎም ሰባት ዝግበር ዝርርብ

**ሕዳር/ታሕሳስ 2023**

ምስ ጕጅለታት ድምጺ ተኻረይቲ ዝግበር ዓውደ መጽናዕቲ

**መጀመርታ 2024**

ኣብ ረቂቕ መሰረታዊ ስርዓታት ማሕበረሰብ ምስታፍ

**ሕዳር 2024**

ናይ መወዳእታ መሰረታዊ ስርዓታት ማሕበረሰብ ተሓትመ



*ኣብ ኖርዝ ሜልበርን ፍለሚንግተንን ንዝነብሩ ተኻረይቲ ምዝርራብ፣ ናይ ሕቶን መልሲን መድረኽ*



# ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ብዙሕን ብሉጽን ኣባይቲ ንሜልበርን ሳውዝ ኢስት

ኣብ ጐደና ሲመንዝ ሳውዝ ያራ ብዛዕባ ዘለዉ ሓደስቲ ኣባይቲ ዝገልጽ ጦብላሕታ ስነ-ጥበባዊ

**እቲ ዳም ህንጸት ነዋሕቲ ፓላሶታት ኣብ ከይዲ እንዳሃለወ፣ በቲ ዓብዪ ህንጻ ኣባይቲ (Big Housing Build) ኣቢልና ሓደሽቲን ዝሓሸን ኣባይቲ ነብጽሕ ኣሎና። ኣብ ሳውዝ ያራ፣ ፕራሃን፣ ፖርት ሜልበርን ከምኡውን ሃምፕተን ኢስት ዝርከብ ልዕሊ 1300 ሓደሽቲ ኣባይቲ ኣብዚ ቦታታት እዚ እንተ ወሓደ ብ31 ሚእታዊት ማሕበራዊ ኣባይቲ ይውስኽ ኣሎ። እዚ ኸኣ 56 ፍሉይ ናይ ኣካል ጉዱኣት ዘለዎም ሰባት መንበሪ ዘጠቓልል እዩ።**

እዚ ምስ ማሕበረሰብ ሃነጽቲ ብሽርክነት ብመዕያይ ብሉጽ ምሕደራ ኪራይ፣ ህንጸት ማሕበረሰብ ከምኡውን ናይ ክኢላታት ደገፍ ንምሃብ ዝዓለመ እዩ፣ እዚ ድማ ኮሚኒቲ ሃውሲንግ ቪክ ሊሚትድ ከምኡውን ካብ ዉሜንስ ፕሮፐርትይ ኢኒሼቲቭን (Women's Property Initiatives) ኣቦሪጂናል ኮሚኒቲ ሃውሲንግ ሊሚትድን ብሉጽ ድጋፍ ምሃብ ዘጠቓልል ኢዩ።

## ገለ ኻብቲ ቑንዲ መዳያት እዚ ዝስዕብ እዩ፦

**ናይ ማሕበረሰብ ቦታታት**

**ባዶ ሓምላይ ቦታታት**
ብግምት 2,000 ትርብዒት ሜትር እዩ።

**1፣ 2፣ 3ን 4ን**
መደቀሲ ዘለዎም ኣባይቲ

ተኻረይቲ ብዛዕባ መጻኢ እቲ ኣብ ፕራሃንን ሳውዝ ያራን ዝርከብ ቦታታት ብዙሕ ኣበርክቶ ሂቦም እዮም። ኣብ መጀመርታ 2024 ኣብ ፖርት ሜልበርን ሃምፕተን ኢስትን ተወሳኺ ህንጸት ንምጅማር ብሃንቀውታ ኢና እንጽበ ዘለና።

## ኣብ ጥቓኻ ኣብ ዘሎ ፍጻመታት ምትእኽኻብ

ንዓኻ ኣብ ዝጥዕመካ ቦታ ኽንሰምዐን ክንዘራረብን ድሉዋት ምኳንና ኸነረጋግጽ ንደሊ። ኣብቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ሪችሞንድ ዝርከብ ትዋይላይት ማርኬት ምኽፋል ብዛዕባ እቲ ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ዳግም ህንጸት ፕሮጀክት ሓፈሻዊ ሓበሬታ ንምክፋልን ሕቶታት ንምምላስን ዓብዪ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ። ብዛዕባ እቲ ኣብ ጐደና ኤሊዛቤት ዝህነጽ 144 ሓደስቲ ኣባይቲ እውን ነቶም ተቐማጦ ኣዘራሪብናዮም ኢና።

ማሕበረሰብ ኖርዝ ሪችሞንድ ከም ቀደሙ ነቲ ናይ ሰሜን ሪችሞንድ ናይ ማሕበረሰብ ደገፍ ገንዘብ ምጅማር ዘሑጉስ ንኽኸውን ጌሮዎ። ኩሉ ሰብ በቲ ጸወታታትን ምግብን ሳዕስዒትን ባህ ኢልዎ!




ኣብ ሪችሞንድ ናይ ምሸት ዕዳጋ ምስቶም ናይ ነዋሕቲ ፓላሶታት ተኻረይቲ ምዝርራብ




## እዋናዊ ሓበሬታ ብዛዕባ ናብ ካልእ ቦታ ምግዓዝ

ኣብቲ ፍለሚንግተንን ኖርዝ ሜልበርን ዝርከብ ነዋሕቲ ፓላሶታት እቲ ናብ ካልእ ቦታ ዘግዕዝ ጉጅለ ኻብ 485 ስድራቤታት ምስ ልዕሊ 440 ተራኺባ እያ፣ ነዞም ተኻረይቲ እዚኣቶም ድማ መደብ ምግዓዝ ብምውጻእን መመልከቲ ኣብ ምምላእን ደጊፋቶም እያ።

ድሕሪ ሓጺር እዋን ኣብቲ ቦታታት እቲ ኣብ ዝህልዉ ሓደሽቲ ኣባይቲ ብዙሕ ተገዳስነት አሎ። ነቶም ምስቶም ናብ ካልእ ቦታ ዘግዕዙ ጉጅለ ዝተራኸቡ ከምኡውን ከም ድሌቶምን ምርጫኦምን ኣብ ከባቢኦም ወይ ኣብ ካልእ ቦታታት ዘሎ ቀረበት ንኽረኽቡ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ተኻረይቲ ናይ መንበሪ ኣጋጣሚታት ቀረብ ክጅምሩ እዩ።

ነቶም ሕጂ ናብ ካልእ ቦታ ኽግዕዙ ዘየድልዮም ስድራ ቤታት ምኽርን ደገፍን ንምሃብ ንመጣጠር ኣለና።

**ብዛዕባ ምግዓዝ እንሓስበሉ ግዜ ምስ ኣኸለ ተመክሮ ዘለዎም ጉጅለና ኽምዚ ዝስዕብ ክገብሩ እዮም፦**

- እኹል መጠንቀቕታን ሓበሬታን (እንተላይ ብቋንቋኹም) ምሃብ
- ንውልቀ-ሰባት ዘድልዮም ነገራትን ኩነታትን ምእንቲ ክርድኦም ጽን ኢልካ ምስማዕ
- እቲ ሓድሽ ኣባይቲ ምስቲ ተኻረይቲ ዝጠልብዎ ድልየትን ምርጫታትን ዝሰማማዕ ምዃኑ ኣረጋግጽ
- እቲ መፍትሒታት ዝተፈላለየ ዓይነትን ባህልን ተኻረይቲ ኣብ ግምት ምእታው ምርግጋጽ
- ንሓያሎ ስድራ ቤታት ምርጫኦም እንተ ኾይኑ ብሓባር ንኽነብሩ ንምሕጋዝ ዝከኣለካ ዘበለ ግበር።

## ቀጻሊ ምክንኻንን ጽገናን

ህጹጽ ጽገና እንተ ደሊኻ በጃኻ ብ**13 11 72** ምስ ማእከል ደወል ኣባይቲ ተራኸብ ወይ ናብ ዝስዕብ ብጻሕ፦

housing.vic.gov.au/repairs



## ዝያዳ ፍለጡ

ዝያዳ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ ኣብ ጥቓኻ ኣብ ዝግበር ፍጻመታ ንምስታፍን እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብን ተመዝገብ ወይ ብቛንቋኻ ሓበሬታ እንተ ደሊኻ በጃኻ ኣብዚ ርአ፦

homes.vic.gov.au/
high-rise-update-Dec-23

ስካን ግበረኒ

enquiries@homes.vic.gov.au

1800 716 866

ነቲ **@homesvic** socials ተኸተል

ብመንግስቲ ቪክቶርያ ዝተፈቕደን ዝተሓትመን ፣1 Treasury Place ሜልበርን። © ግዝኣት ቪክቶርያ ሆምስ ቪክቶርያ (ኣመሓዳሪ ሃውሲንግ)፣ ጥቅምቲ 2023። ብፊንስበሪ ግሪን ሜልበርን ቪክቶርያ ዝተሓትመ (HV023823)